## ቃለ-ሞት፡ ገዲም ስነ-ጥበብኛ መምህር ኣልኣሚን ዓብደልለጢፍ ማሕሙድ

መምህር ኣልኣሚን  ዓብደል ለጢፍ፡ ኣብ ኤርትራዊ ስነ ጥበብ፡ ሓደ ካብቶም ከፋቲ በሪ ተራ ዝነበሮምን  ኣቦ ዜማን ግጥምን ተውለ ክልተ ኤርትራዊ ቋንቋታት እዩ ነይሩ።ኣብ ጉዕዞ ስነ-ጥበቡ ፈጥራውነቱ ከይደኸመ፡ ጣዕሚ ጉሮሩኡ ከይጉደለ፡ ክሳብ ዕለተ መሰዋእቱ ዕዙዝ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ዝሃነጸ መምህር ኣልኣሚን፡ ብ12 ታሕሳስ፡ 1939 ካብ ኣቡኡ ዓብደል ለጢፍ ማሕሙድን ኣዲኡ ራየት እድሪስን ኣብ ጊንዳዕ ተወልደ። ኣቡኡ ኣብ ኣስመራ ሓኪም ስለዝ ነበረ ወዲ ክልተ ዓመት እንከሎ ኣብ ኣስመራ መጸ። ኣብ ኣስመራ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ናይ ምምህርና ስልጠና ብምውሳድ፡ ብ1962 ኣብ ቤት ትምህርቲ  ጃልያ መምህር ኰይኑ ተቖጽረ።

ብንእሽቶኡ፡ ዝንባለ ደርፊ ዝሓደሮ ኣልኣሚን፡ ኣብ ረብዓት ማለት - ያታዊ ጥርናፈ መንእሰያት ደርፍታት ወድ-ኣሚርን ካልኦትን ክደግም ጀመረ። ኣብ መወዳእታ 1950ታት ድማ ምስቲ ፍሉጥ ኣብ ምዕባለ ሙዚቃ ኢትዮጵያ ሉሉይ ተራ ዝተጻወተ፡ ኤርትራዊ ሙዚቀኛ ኣቦበከር ኣሸክሕ  ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብትግረን ትግርኛን ደርፍታት ክደግም ጀመረ።

ኣልኣሚን ከም ነፍሱ ዝኸኣለ ደራፋይ ኣብ መድረኽ ዝተቐልቐለ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሱ ኣብ መወዳእታ 1962፡ ኣብ ማሕበር ትያትር ኣስመረ (ማትኣ) ምስ ተጸንበረ እዩ። ኣብ ማትኣ ከኣ መምህር ኣልኣሚን ኣብ ምዕባለ ዘመናዊ ደርፊ ትግረ መራሒ ተራ ዝሓዘ ስነ-ጥበብኛ ክኸውን በቕዐ።  ስነ-ጥበባዊ ኣበርክቶኡ ግን ኣብ ትግረ ጥራሕ ዝተደረተ ኣይነበረን።  ብርቂ ስነ-ጠበባዊ መለለዩ መምህር ኣልኣሚን ከኣ ብትግረን ትግርኛን ዓቢ ደራፋይ ምዃኑ እዩ።  ደርፍታቱ ስዉር ሃገራዊ መልእኽቲ ዝሓዘለ ብምንባሩ ስምዒት ብዙሓት መንእሰያት ቀሰቀሰ። ኣብ ማትኣ ኣንጻር ስስዐን ተበላጽነትን ክደርፍ ከሎ፣

“ሰብ ንኽብዱ ጥራይ ኣይኰነን ዝነብር

ክሓስብ ኣለዎ ክግምት ክዝክር”

እትብል ደርፉ ትዝከረና።

ወላድ ከረን ወአስመራ

ርኤኩማ ምን ገብእ እት ማይ ዘራ

ሰላም ቦላ እግልዩ ፋጥና ዛህራ፣ ክብል ከሎ ድማ፣

ነታ ኣብ በረኻ ከርተት ትብል ዝነበረት ሰንድቕ ዕላማ ምዃኑ ሰማዕቱ ኣይሳሕትዎን።

“ዓባይ ኣባ ሻውል ሎሚ ክደርፈላ - ከይፈረሰት ከላ ጨሪሳ ብዂላ

ምስታ ንእስነት -እታ ዝዓበኹላ - ዓባይ ኣባ ሻውል ናይ ስልጣነ ጩራ፥

እናበለ ክደርፍ እንከሎ፥ ንቅርስን ዕቃበን፥ ምዕባለን ስልጣኔን ሓሲቡ ምኻኑ መን ይስሕቶ።

ስነ-ጠበባዊ ፍርያት ማትኣ እናሓየለ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፥ መምህር ኣልኣሚን ብኽልተኡ ቋንቋታት ኣዝዩ ጸላዊ ደርፍታት ምድራፍ ቀጸሎ። ብፍላይ ከኣ፥ ንባንዴራ ኤረትራ ዝተገጠመት ጸብሒ ጾም፥

ደቂ ጕረቤትና መታን ከቃልሉ -

ጸብሒ ጾም ይብሉኺ መኣዛ ዘይብሉ

እዚ ግን ብኽያት እዩ ኣይትገደስሉ፣ ይብል እሞ፣

ብትግራይት ከኣ፣

ጸላም ታ እድንያ ምን በዲር

ሰርና ጥዑም በሌዕ ወሰርና መሪር

ሰርና ለብስ ድርዕቶ ወሰርና ሓሪር

ሰርና ልትዕብ ወልትጀረስ ሓዚ ነቢር

ሰርና እብ ግሳዩ በሌዕ ምን ኢጸቢር

እዘም እዩ እብ ዚደቼ አዚም ለሓይስ ወነቢር።

እናበለ እዩ ምረት መግዛእቲ ዝገለጸ።

እዚ ብክልተአን ቋንቋታ እናበራረየ ዝደርፎ ዝነበረ ደርፍታት ኣብ ህዝቢ ልዑል ጽልዋ ስለዝ ሕደረ፥ ገዛእቲ ቀጻሊ ይጠማመትዎ ስለዝ ነበሩ ከም ካልኦት ኣባላት ማትኣ ብዙሕ ግዜ ተኣሲሩ እዩ። ይኹን እምበር፥ በዚ ከይተሰናኸለ፥ ደርፍታቱ ቀጸለ። መምህር ኣልኣሚን ሃገራዊ ኣበርክቶኡ ኣብ ስነ-ጥበብ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ኣብ 1960ታት እብ ሓረካ፥ ድሕሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ድማ ኣብ ተሓኤ ተወዲቡ፥ ሃገራዊ ግብኡ ኣብርኪቱ እዩ።

ድሕሪ ማትኣ፥ ምስ ጕጅለ "ከዋኽብቲ መርሓባ" ብምጥርናፍ እቲ ካብ ነንሕድሕዱ ዝበላለጽ ፍቕራዊ፥ ማሕበራዊን ኣሃገራውን ደርፍታቱ ብልዑል ወኒ ቐጸሎ። ናይ ጸላእቲ ተጻብኦታት እናሓየለ ምስ ከደ፥ ኣብ መወዳእ 1974 ክስደድ ተገደደ። ኣብ ስደት እቲ ኣብ ኣስመራ ከም ልቡ ክደርፎ ዘይከኣለ ደርፍታቱ ናጻ ኹይኑ ቀጸሎ። መምህር ኣልኣሚን ዛራ ዜምታቱ ከይነጸፈ፥ ፈጠራ ግጥምታቱ ከይደኸመ፥ ስርሓቱ ነቲ ኣብ ስደት፥ ሜዳን ውሽጢ ጸላኢን ዝነበረ ህዝቢ የራኹብን ይጠምርን ነበረ።

ኣብ መፋርቕ 1980ታት ኣብ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ፡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስነ_ጥበበኛታት ከም ጸደይ ኤርትራዊ ስነ-ጠቢብ ክግለጽ ዝኽእል፡ ዓቢ ባህላዊ ምንቅስቓስ ኣበጊሶም ነበሩ። ኣብዚ ኣልኣሚን፡ ሉሉይ ተራ ነበሮ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣልኣሚን ከም በዓል ይማ፡ ጀልምታ ዝኣመሰላ ህቡባት ደርፍታቱ ብምድራፍ ዓቢ ተራ ተጻወተ። ምስ ኣብ ጅዳ ዝነበሩ ገዳይም ኤርትራውያን ስነ-ጠበበኛታት ከኣ ኣብ ኤርትራዊ ፈስቲቫል ቦሎኛ 1987 ተሳተፈ።

ኣብ 1988፡ ካብ ስዑድያ ናብ ኣሜሪካ ኣምርሐ። ምስ ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮማትን ህዝባዊ ግንባርን ብምትሕብባር ድማ፡ ዝተፈላለየ ምርኢታት እናካየደ ህዝቢ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ልዑል ተራኡ ኣበርከተ። ክሳብ ዕለተ ናጽነት ድማ ኣብ ኣሜሪካ ብምጽናሕ፡ ኣብ 1994 ጥቕሊሉ ናብ ሃገሩ ተመልሰ።

ብ1996፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ "ሓደ ባህግና" ብምስታፍ ምስ ካልኦት በሃራት ብጾቱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፈለ-ዓለማት ዑደት ብምግባር ንባህላዊ ትንሳእ ኤርትራ ብብቕዓትን ተወፋየነትን ኣበርከተ።

ኣብ 1998፡ ኣብ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ከቲቱ፡ ብሞያኡ ኣንጻር ወራር ወያነ መከተ። ኣብቲ እዋን እቲ ጥራይ ኣስታት 10 ሃገራዊ ደርፍታት ደረፈ። ብፍላይ፡ እታ ንግፍዒ ወያነ ኣብ ልዕሊ ዝተሰጉ ኤርትራውያን እትገልጽ፡ "ላም ቀርና ኣይኮብዳን" እትብል፡ ከምኡ 'ውን እታ፣

ሎሚ ከም ትማሚ ሃገር ሰብ ኣለዋ

ኣባይ ዝከላኸል ክብራ ዝሕልዋ

ንሃገር ምሰያፍ ባኛ ማሕላ ርስቲ

ያታና ይኹን ዝወራርስ ሃብቲ፣

ጽቦራ ክም ጥብ እምኩም ጽቦራ

ታመት ህሌት ኣምዕሉ እት ስሩጊት ለጆራ

ዝብላ ደርፍታቱ ንመኸተ ዝህቢ ዝደርዓ፡ ነበርቲ ኹይነን ኣብ ልብታትና ዝሰፈራ ደርፍታት እየን።

መምህር ኣልኣሚን ብብቕዓት፡ ብኽልተ ኤርትራዊ ቋንቋታት - ትግራይትን ትግርኛን ኣዝዩ ብዙሕ ደርፍታት ዝደረፈ፡ ንውሉድ ወለዶ ዝሰጋገር፡ ቅርሲ ዝገደፈ ዓቢ ኤርትራዊ ስነ-ጥበበኛ እዩ። መምህር ኣልኣሚን ኣብዚ ዘይሓጺር ዕድመኡ ዓቢ ቁም-ነገር ሰለዘ ገበረ፡ ሓድጉ ነባሪ እዩ። ደርፍታቱ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ እናተዘከረን እናተዘየመን ዝነብር ሃገራዊ ሓወልቲ እዩ፡ ብሂወት ከሎ፡ እቲ ዝፈተዎ ህዝቡ፡ ፍቕሩ ለጊሱሉ እዩ። ሎሚ፡ ክነፋንዎ ከለና ድማ፡ ብጓሂ

ዘይኮነሰ፡ ደደርፍታቱ ብውሽጥና እናዘየምና ክነፋንዎ ዘምሕረሉን ዘምሕረልናን ምኳኑ ናይ ኣጋጣሚ ኣይኮነን።

ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ብመስዋእቲ ገዲም ስነ-ጠበበኛ መምህር ኣልኣሚን ዓብደልለጢፍ መሪር ሓዘን እናተሰምዖ ንስድራ ቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ዓወት ንሓፋሽ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

8 ነሓሰ 2017 - ኣስመራ

ብስነጥበባዊ መሓመድ ስዒድ ዑስማን ዝቐረበ